# ሕብእቲ ሰልፊ ብዓይኒ ዘይኣባላታ

**ታደሰ ኪዳነ** | **በርሚንግሃም**
**3ይን መወዳእታን ክፋል** | **29 ታህሳስ 2017**

ኣብ ካልኣይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ’ዚ፡ ብዛዕባ’ቲ ብላዕለዎት ኣባላት ናይታ ሕብእቲ ሰልፍን ተለኣኽቶምን፡ ንሕጋውነት ምቕንጻል ኣባላት “መንካዕን የሚንን” ከምኡ’ውን ንመማዛኒታት ሕርያ ንኣባልነት ናብታ ‘ሕብእቲ ሰልፊ’ ዝብል ስም ዘጠመቑዋ ትካል ስለያኦም ኣሚልኪቶም ዝህብዎ ዘይቅኑዕን ሜዳናገርን መግለጺታት ድሕሪ ምግላጽ፡ ሕብእቲ ሰልፊ ብቐንዱ ትካል ስለያ ኢሰያስን ንሱ ዝሓረዮም መሳርሕቱን ጥራይ ምንባራ ኢየ ገሊጸ። ኣባላታ’ውን ሰለይቲ እምበር፡ ከምቲ ንሳቶም ክኾኑዎ ዝደልዩ ናይ ፖለቲካ መራሕቲ ከምዘይነበሩ ኢየ ክገልጽ ፈቲነ። 3ይ ክፋል ይቕጽል።

## ካብ ስኑድ ፖሊቲካዊ ገበናት ሕብእቲ ሰልፍን መራሒኣን

እዚ ንኤርትራ ሃገርና ዝመርሕ ዘሎ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ ኮሮሻ ናይታ ሕብእቲ ሰልፊ ተወጢሑ ብስጋን ደምን ናይቶም ንሳ ዝቐተለቶም ሃገራውያን ሰቢሑ ነዚ ሕጂ ንሃገርናን ህዝብናን ዝደወነ ስርዕተ-ራዕዲ ክምስርት በቒዑ ኣሎ። ምእዙዝነቶም ክጉድሉ ንዝተራእዩ እሙናት ኣባላት ናይታ ሰልፊ’ውን በብግዜኡ ክበልዖም ጸኒሑ ኢዩ። ብዛዕባ’ዚ ብዙሕ ስለ ዝተዛረበ፡ ሕጂ ናብኡ ክምለስ ወይ ንዕኡ ክደግሞ ኣይኮንኩን።

ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱ ንምድላይ 30 ዓመት ኢዩ ተቓሊሱ። ፍርቂ ካብኡ ግን ኢሰያስ ባዕሉ፡ ኣብታ ሕብእቲ ሰልፊ ተኸዊሉ፡ ውልቀ ምልኩ ንምድልዳል ዝማጠጦ ምኳኑ ህዝብና ክፈልጦ ግቡእ ኢዩ። ንሎሚከኣ ክልተ ኣብነታት ካብኡ ክገልጽ ክፍትን ኢየ።

የማነ ተኽለገርግስ ኣብታ *“ሳሕል ወፈርና እንታይ ኣምጺእና”* ትብል ቀዳመይቲ መጽሓፉ፡ *“ኣብ 1976 ዓ.ም 1500 ንኸውን ተጋደልቲ፡ ካብ 500 ንታሕቲ ቀጽሪ ንዝነበሮም ወታደራት ኢትዮጵያ፡ መዓልታዊ ማንዋእቲ እናኸፈልና፡ ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ኣብ ናይ ቀረባ ርሕቀት ኣኸቢብናዮም ኮፍ ኢልና”* ክብል ገሊጹ ኣሎ። ሓያሎ ካብ ላዕለዎት መኮንናት ኢትዮጵያ ዝነበሩ፡ ኣብ ኤርትራ ንዝነበሮምናይ ኩናት ተሞክሮ፡ ኣብ መጻሕፍቲ ብምጽሓፍ ይሸጥዎ ምህላዎም’ውን፡ ብዙሕ ኣንባባይ ዝፈልጦ ኢዩ። ንቀጽሪ ናይቶም ኣብ ናቕፋ ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ዝተኸበቡ

ወታደራት ኢትዮጵያ ዝሞልከት’ውን፡ ብናይ ሽዑ ኣዘዝቶም ዝነበሩ ሞራሕቲ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝቐረበ ጽሑፋት ኣሎ።

ኮሎኔል ኣምሳሉ ገብረዝጊ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሰራዊት መግዛእቲ፡ ክሳብ ኣዛዚ ክ/ሰራዊት ኮይኑ ዝሰርሐ ሞኮነን ኢትዮጵያ ኢዩ። ንሱ - እቲ ኣብ ናቕፋ ተኸቢቡ ዝነበረ ‘15ኛ እግረኛ ሻለቃ’ ካብ 300 ዘይበዝሑ ወታደራትን ንዕኦም ዝእዝዙ ውሑዳት ሞኮነናትን ከምዝነበርዎ ገሊጹ ኣሎ።

ሽዑ፡ ማለት ኣብ 1976 ዓ.ም ሓደ ካብቶም ላዕለዎት ሓለፍቲ መግዛኣታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝነበረ ኮሎኔል እስጢፋኖስ ገብረማስቀል’ውን፡ ኣብ ናቕፋ ተኸቢቡ ንዝነበረ ‘15ኛ እግረኛ ሻለቃ’ ንምጥንኻር ተስዓ (90) ናይ ኣየር ወለድ ወታደራት ብጃንጥላ ወሪዶም፡ ናብቲ ሰራዊት ከምዝተደረቡ ገሊጹ ኣሎ። እዚ ቁጽሪ’ዚ ነቶም በብግዜኡ ኣብቲ ከበባ ንዝተቐትሉን ዝተወግኡን ወታደራት ዘጠቓልል ስለ ዝኾነ፡ ጠቕላላ ቁጽሪ ናይቲ ተኸቢቡ ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ዝጸንሐ ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ካብ ከባቢ 400 ዝሓልፍ ኣይኮነን። እዚ ከኣ ምስቲ የማነ ተኽለገርግስ ዝሃቦ ቁጽሪ ዝማሳሰል ኢዩ። ኣብዚ ዝሞጽእ ሕቶ እምበኣር፡ ከባቢ 1500 ዝኸውን ብኹልንትንኡ ድልዉ ዝኾነ ተጋዳላይ፡ ካብ 400 ንዘይበዝሑ ወታደራት ጸላኢ፡ ኣብ ናይ ቀረባ ርሕቀት ኣብ ከበባ ብምእታው፡ ንሽዱሽተ ወርሒ ከምዝጽበ ዝተገብረሉ ምኽንያት እንታይ ኢዩ? ኣብዚ ዝተባህለ ሽዱሽተ ኣዋርሕ፡ ንጡፍ ወታደራዊ ስራሕ ተኻይዱ እንተ ዝነብር፡ ክንደይ ካብተን ተነጻጺለን ሞተን ዝጽበያ ዝነበራ መዳስከራት ጸላኢ ምተታሕዛ? እቲ ሓድሽ ዝጣየስ ዝነበረ ቁንጮ ስርዓት ደርግ’ኸ፡ ምሉእ ኤርትራ ሽዑ ሓራ ኮይኑ ነይሩ እንተዝኸውን፡ ድሕሪ ሶማል ናብ ኤርትራ ገጹ ምጠመተ’ዶ? ተራ ማሕበረ-ሰብ ዓለም፡ ብፍላይ ሕብረት ሶቬት’ከ እንታይ ምኾነ? ዝብሉ ሕቶታት ቅጅል ይብሉኻ።

እታ “ኢሰያስ ስለምንታይ ኢዩ ሰራዊት ህዝባዊ ግምባር ንመዳስከር ናቕፋ ከቢቡ ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ከምዝጽበ ገይሩ?” ትብል ሕቶ ግን ታሪኽ ባዕሉ ሜሊሱዋ ኢዩ። የማነ ተኽለገርግስ’ውን ኣብ መጽሓፉ ኣስፊሩዎ ኣሎ። ዝበዝሐ ሰራዊት ህዝባዊ ግምባር፡ ዕማኾ ንዝኾኑ ወታደራት ጸላኢ ኣኽቢቡ፡ ብጥሜትን ቁርን እናተሳቐየ፡ ምሻት መጸ ማስዋእቲ ክኸፍል ከሎ፡ ብዙሓት ካብ ኣባላቱ ብስም ‘የሚን ተረፍ ሚሪፍ መንካዕን፡’ ብኣባላት ናይታ ሕብእቲ ሰልፊ ብቓጸ ይእሰሩን ይቕንጸሉን ነይሮም። ሰራዊት ህዝባዊ ግምባር ኣብ መጸወድያ ኣትዩ። ብቕድሚትን ብድሕሪትን ይህረም ነይሩ። ልክዕ ኣብዚ ግዜ’ዚ፡ ናይ ሎሚ ውልቀ-ማላኺ ኢሰያስ ኣፎርቂ፡ ኣኽላባቱ ኣኪቡ - ጉባኤ ሕብእቲ ሰልፊ ብምክያድ፡ ስልጣን ብሒቱን ሓይሉ ኣደልዲሉን ወጺኡ። እዚ **ከኣ ስልጣን ኢሰያስ ብዋጋ ንጹህ ደም ኤርትራውያን እምበር፡ ኣብ ልዕሊ መግዛእቲ ብዘመዝገቦ ዓወትን ብብዘርኣዮ ብሱል ወታደራዊ**

**ኣማራርሓን ዘረጋገጸ ከምዘይኮነ** የነጽረልና። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ እቲ **ኣንጻር ሰራዊት መግዛእቲ ዝተረጋገጸ ዓወት - ናትና** (ናይቲ ሓፋሽ ተጋዳላይ) እቲ **ብቐንጸላ ብጾትናን ሕቡእ ስራሕ ናይታ ሰልፍን ዝተረጋገጸ ዓወት ድማ እዚ ንርእዮ ዘሎና ስርዓት ውልቀ-ሰብ ወይ ስርዓተ-ራዕዲ** ምዃኑ - ንምግላጽ ኢየ ዝፍትን ዘለኹ። ነዚ ‘ሓሶት ኢዩ’ ዝብል ኣባል ናይታ ሕብእቲ ሰልፊ ዝነበረ ሰብ እንተልዩ -ሃየ ኣፉ ይኽፈት።

እቲ ካልኣይ ፍጻሜ ድሕሪ ክልተ ዓመት ከበባ ናቕፋ ዝተፈጸመ ኢዩ። ኣብ መወዳእታ ሰነ ን መጀመርያ ሓምለን 1978 ዓ.ም ሰራዊት ህዝባዊ ግምባር ሓንሳብ ብደቡብ (ከባቢ ሰሓርቲ) ኣብ ሳልስቱ ድማ ብኸባቢ በለዛን እምባደርሆን፡ ከተማ ኣስመራ ንምቁጽጻር ብርቱዕ መጥቃዕቲ ፈንዩ ነይሩ። ሕጂ’ውን ሓደ ካብቶም ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝነበረ ኮሎኔል እስጢፋኖስ ገብረማስቀል ነቲ ናይ ሽዑ መጥቃዕቲ ኣመልኪቱ ንዝጸሓፎ ጸሙቕ ከቕርቦ ኢየ። ንሱ *“ዋላ’ኳ - ነቲ ብሸነኽ ደቡብ ዝተፈነወልና መጥቃዕቲ እንተ ኣፍሸልናዮ፡ እቲ ብበለዛን እምባደርሆን ዝተፈነወልና መጥቃዕቲ ግን ኣዝዩ ኣስጋኢ ኢዩ ነይሩ። ሰራዊትና ብኹሉ ሜዳ ዝን ክሃድምጀሙ። ሽዑ ናይ ምክልኻል ተስፋና ተጸንቂቑ ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ግን፡ እታ ሓንቲ ተሪፋትና ዝነበረት ተጠባባቒት ሻለቃ ጦር ኣእቲና፡ ነቲ ናይ ሻዕብያ ግስጋሴ ንግዜኡ ናህሩ ከነ ዝሕሎ ኪኢልና። ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ግን ግመክኽፍት ስለ ዝጀመረ፡ ሓይሊ ኣየርና ንሰራዊት ሻዕብያ ኣብ ሰጣሕ ጎልጎል ረኺቡ ስለ ዝሃረሞ ኩነታት ናብ ረብሓና ተቐይሩ”* ይብል።

ኮ/ል እስጢፋኖስ ቀጺሉ *“ኩሉ ዝነበረና ሓይሊ፡ ኣብቲ ኩናት ኣትዩ ን ፍጹም ደኺሙ ስለ ዝነበረ፡ ገለ ካብተን ኣብቲ ከባቢ ዝነበራ ናይ ጀብሃ ሓይልታት፡ ዋላ’ውን ብውሑድ ቁጽሪ ኣብቲ መጥቃዕቲ ተሳቲፈን እንተ ዝነብራ፡ ተመኺሉ ንዐኣን ዝከላከል ሓይሊ ኣይነበረናን። ህላዌና ኣብኣ መብቀዐት ነይራ። ገድሊ ኤርትራ፡ ኣስመራ ንምቁጽጻር ዝነበረቶ ሓንቲ ዕድል፡ ሽዓ ጥራይ ኢያ ነይራ። ነቲ ኣስመራ ናይ ምቁጽጻር ዓወት ግን፡ ሻዕብያ ንበይኑ ክገብሮ ስለ ዝደለየ፡ ንጀብሃ ከየማኸረን ወይ ሓገዘ ምስለ ዘይሓተተን ኩነታት ናብ ረብሕና ተቐይሩ”* ክብል ይገልጽ።

እቲ ኣስመራ ንምሓዝ ብዙሕ ማስዋእቲ ዝኸፈለ ውድብ ህዝባዊ ግምባር፡ ብሰንኩ ንኻልእ ዝተናውሐ ኩናት ንሳሕል ተመሊሱ። ኣስመራ ሽዑ እዋን ኣብ ቁጽጽር ተጋደልቲ እንተ ትኣቱ ነይራ፡ ብዓለም ደረጃ ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ ገለ ጽልዋ ክመጽእ ባህሪያዊ ነይሩ።

እዚ ክልተ ኣብነታት ዘምጽኦ ዘለኹ እምብኣር፡ ኢሰያስ ነታ ሕብእቲ ሰልፊ ተጠቒሙ ድላዩ ክገብር ስለ ዝኸኣለ፡ ኣብ ልዕሊ ውድብ ህዝባዊ ግምባር ጥራይ ዘይኮነ፣ ኣብ ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ካብ ዝፈጸሞ ገበናት ንምግላጽ ኢየ። ኣብቲ ናይ 1976 ዓ.ም ተጋደልቲ ህዝባዊ ግምባር ብድሕሪትን ብቕድሚትን ከም ዝህረሙ ብምግባርን፡ ንናይ 1973 ዓ.ም ናይ ምእራም ምንቅስቓስ ኣቐዲሙ ብምጭፍላቕን፡ ሃገራውያን ኣጽኒቱ - ነቲ ውድብ ተቖጻጺሩዎ። ኣብቲ ናይ 1978 ዓ.ም ድማ ንኣዘዝቲ ሰራዊት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ *“ፍልፈያትና ከየጽበብና፡ ኣስመራ ከነጥቅዕ የብልናን”* እናበለ፡ ኣብቲ ውግእ ከምዘይጽንበሩ **ብምግባር፡ ማእሰያት ተጋደልቲ ኤርትራ ነ ንሕድሕዶም ከምዘይተሓጋገዙ ብምግባር፡ ንናይ ጸላኢ ስዕረት ኣቃሊዑዎም።** በቲ ኣካይዳ ዘይሕጉሳት “ኣረምትን ዓገብበሃልትን” ኣብ ዝቀላቐልሉ እዋን፡ ኣኼባታትን ጉባኤታትን ከም ዝናውሑ ብምግባር የጽንቶም። ነዚ ክሉ ዝገብር ዝነበረ ከኣ፡ ኣብ ከርሲ ናይታ ሕብእቲ ሰለፊ ተኸዊሉን፡ ንገለ ካብዞም ሎሚ ብዛዕባ’ታ ሰልፊ ዝጣበቑ ዘለዉ ምኽሉያት ሓዊስካ - ብብዙሓት ተናኸስቲ ተኸቢቡን ምንባሩ ክፍለጥ ይግባእ።

## <u>ናይ ውልቀይ ተመክሮ</u>

ኣነ ከምኩሉ ኣባል ናይቲ ግምባር፡ ድሕሪ ናጽነት ኢሰያስ ባዕሉ ሰልፊ ምንባሩ ምስ ነገረና ኢየ ፈሊጠ። ገለ ካብቶም ብጾተይ ዝብሎም፡ ምሉእ እምነት ዘሕደርኩሎም፡ ቅድሚኡ ም ክስዋእ ድሉው ዝነበርኩ ብጾት፡ ካባይ ተኸዊሎም፡ ስመይ እናኣልዓሉ ክዝንጥሉኒ ይሓድሩ ምንባሮም ምስ ፈለጥኩ ዝሓደረኒ ስምዒት ግን ወሰን ኣይነበሮን። ብዙሓት ካብኣቶም ግን ብዘይ ምርጫ ዝኣተውዎ ክኾኑ ስለ ዝኽእሉ፡ ሎሚ ይቕረ እንተ በልኩሎም ሕልናይ ዝቕበሎ እማስለኒ። ካብ ዘጋጠመኒ ጭቡጥ ተመክሮ ግን ክልተ ኣብነታት ክገልጽ ኢየ።

ስምስዉእ ኣልዒለ ክዛረብ ኣይምደለኹን። ታሪኽ ስለ ዝኾነ ግን ነቲ ተግባር እንተ ገለጽኩዎ ሕማቕ ኣይኮነን። ስሙቀይረ - ጅምዕ ኢለዩ ኣለኹ። ጅምዕ ኣባል ናይታ ኣነ ዝነበርኩዋ ጋንታ ኢዩ (ሓይሊ 32 ብርጌድ 51)። መሃይምነት ኣብ ሰውራ ኢዩ ኣጥፊኡ። ኣብ ፖለቲካዊ ክትዕ ድምጹ ክሕውስ ሰሚዐዮ ኣይፈልጥን። ኣብ ካልእ ኩነታቱ ግን ሕማቕ ኣይነበረን። ሓጺር - ሓጺር ዝዛረብ’ኳ እንተኾነ፣ ሕማቕ ወይ ዝተናኾል ጠባይ ግን ኣይነበሮን።

ጅምዕ ኣብ ውሱን እዋን ጠባዩ ክቕይር ጀሚሩ። ቅድም ካብ ዝነበሮ ጠባይን ተበግሶን ወጻኢ ውዕይ-ዕይ ክብል ተዓዚብና። ብሓንሳብ ናብ ስራሕ ኣብ እንኸደሉ እዋን “ልዕሌኹም ኢየ” ብዘስምዕ መንገዲ ገለ ቃላት ክድርብን ዝያዳ ነጠፍጠፍ ክብልን ርኢናዮ። ኣይደንጎየን - ምክትል ሜራሕ ማስርዕ ኮይኑ። ብሕማቕ ዝረኣዮ

ሰብ'ውን ኣይነበረን። ሓደ መዓልቲ በይነይ ርእዩኒ ምሳይ ኮፍ ብምባል *"እዘም መንካዕ፡ የሚን ዝበሃሉ እንታይ ዝኾኑ ኢዮም?"* ክብል ዱቦላ ሕቶ ዱብየ ብለለይ። ኣነ'ውን *"ንሰቶምድኣ ከሚይ - ከማኻ ንሃገር ክጋደሉ ወጺኦም፡ ኣብ ጉዕዞ ከኣ ተበሊዖም!"* ክብል ቅልጡፍ መልሲ ሂበዮ። ጅምዕ ገለ ክፈልጥ ደልዩ ዝመጸ ስለ ዝመሰለኒ፡ ዝያዳ ከብርሃሉ - ዘረባ ክቕጽል'ኳ እንተደለኹ፡ ንሱ ግን ነተን ኣብ ሓንጎሉ ሒዙወን ዝመጸ ሕቶታት ጥራይ ድርብይ ድርብይ ኣቢሉለይ። ብዓንተቦኡ'ውን ዘረባ ምንዋሕ ዘይፈቱ ምዃኑ ስለ ዝፈልጥ፡ ንሕቶታቱ ኣሕጽር ኣሕጽር ኣቢለ ድሕሪ ምምላስ፡ ሕጂ'ውን ንዝያዳ መብርሒ ዘረባ ክቕጽል ፈቲነ። ንሱ ግን ናይተን ዓቒሩወን ዝመጸ ሕቶታት መልሲ ምስ ረኸበ፡ "ሕራይ" ኢሉ ገዲፉኒ ከይዱ። ካብ ዝነበርኩዎ ከይተንሳእኩ ኣዒንተይ ተኺለ ጠሚተዮ። ኣመጻጽኣኡ ናይ ቅንዕና ዘይምዃኑ ፈሊጠ ድማ ስኽፍክፍ ኢሉኒ።

ብጋንታ ተኣኪብና ዳርጋ መዓልታዊ ፖለቲካ ስለ ንመሃር፡ ጅምዕ ከምዚ ዝበለ ሕቶታት ኣተኣሳሲሩን ሰሪዑን ክሓትት ርእየዮ ስለ ዘይፈልጥ፡ ካልኦት ርእይቶይ ክፈልጡ ዝደልዩ ሰባት ከምዝለኣኽዎ ኣይተጠራጠርኩን። ካብ መራሕ መስርዕ ክሳብ መራሕቲ ሓይሊ ዝነበሩ ሓለፍቲ ንዓይ ዝጸባእ ሰብ ሃሰስ ኢለ ግን፡ ክረክብ ኣይከኣልኩን። ጅምዕ ነዛ ባዕሉ ሓቲቱ ዘለፋለፈኒ ዘርባ፡ ኣብ ናይ ጋንታ ወይ ናይ ሓይሊ ኣኼባ እንተ ኣውሪዱዋ፡ ዝከላኸሉለይ ሰባት ብዙሓት ኢዮም፡ መራሕቲ ሓይሊ'ውን 'ኣሕሊፎም ክህቡኒ ይኽእሉ ኢዮም' ዝብል እምነት ኣይነበረንን። ኣብ ቦጦሎኒ ዝነበሩ ሓለፍቲ ግን ብዙሕ ዝኣምኖምን ዝፈልጦምን ኣይነበሩን። ንዓይ ግን ኩሉ ሓደ ኢዩ። ኣብ ውግእ ሞት ኢዩ፡ ኣብ እትኣምኖ ርእይቶ ምድራቕ ሞት ኢዩ። ስለዚ ኣብ ርእይቶይ ደሪቐ ክከራኸር ወዲአዮ ኢየ። ብሃንደበት ኣብ ዘይደለኹዎ ሰልሚምእታወይ ግን ዘየጉሃየኒ ኣይኮነን። ነዊሕ ከይጸንሐ ግን 6ይ ወራር ጀሚሩ፡ ጅምዕ'ውን ኣብኡ ተሰዊኡ። ዕላል ክልተና'ውን ኣብኡ ተዓጽዩ። እታ ኣጋጣሚት እቲኣ ግን ካብ ሓንጎለይ ወጺኣ ኣይትፈልጥን።

ሕብእቲ ሰልፊ ምንባራ ምስ ፈለጥኩ፡ ብቐዳምነት ኣብ ሓንጎለይ ዝመጸ ከኣ ስዉእ ብጻየይ ጅምዕ ነበረ። *"ኣባል ሰልፊ ምስ ኮነ ኢዩ ንነብሱ ልዕሌና ምዃኑ ከርእየና ዝፍተነ"* ዝብል እምነት ኣሎኒ። እቲ ንሱ ሰሪዑ ዘቕረበለይ ሕቶታት'ውን - ንምሕጻየይ ድዩ ንምቕታለይ - ዝቐረበ ምንባሩ ዝፈልጦየ ብለይን። ናብ ሓዲኡ ዘንቀደ ምንባሩ ግን ሕጂ'ውን እምነተይ ኢዩ። ብዘዕባ'ቶም ናይ 1973 ኮነ ናይ 1976 ግዳያት ግን፡ ዋላ ሓንቲ መዓልቲ'ውን ትኹን ምስታ ተሓቢኣ ትሰርሕ ዝነበረት ሰልፊ ርእይቶይ ተሰንዩ ኣይፈልጥን።

**2ይ ተዘክሮይ፡** - ኣብቲ ኣብ ሳሕል ዝነበረ ደጀንና፡ መካይን ካብን ናብን ከማላለሳ ከለዋ ዝውዕላሉን ዝዕሸጋሉን፡ 'ምዉፋር' ዝበሃል ቦታታት ነይሩና

ኢዩ። ምስተን ማይን ዝሞዱ ኮነ፡ ማይን ዝደልዩ ገያሾ’ውን ኣብቲ ምውፋር ኢዮም ዝጽበዩ። ነቶም ካብን ናብን ዝንቀሳቐሱ ተጋደልቲ - ሓርጭ ኮበርታ፡ ሽኮር ወዘተ ዝቕርቡ፡ ካብ ክፍሊ ቁጠባ ዝሞጹ - ‘ፍሉይ ጉዳይ’ ብዝብል ስም ዝጽውዑ፡ ገለ ክልተ ሰለስት ሰባት ኣለዉ። ክይድ ሓዲርካ፡ ካብተን ማይን ምስ ወረድካ፡ ብቐጥታ ናብቶም ኣባላት ፍሉይ ጉዳይ ብምኻድ፡ ድራርን - ንመንጸፍን ክዳንን ዝኸውን ኮበርታ ክህቡኻ ምሕታት ልሙድ ኢዩ። ኩሉ ግዜ ግን እቲ ጠለብ ካብቲ ቀረብ ዝወሓደ ኢዩ። ጸርፍን ቆይቀን’ውን ባህሪ ናይ ካብ ኣሃዱኡ ዝወጸ ወታደር ኢዩ። ብኣጋጣሚድዩ ብሚደብ ኣይፈልጥን፡ ኣብቲ ፍሉይ ጉዳይ ዝጸንሑኻ ብጾት፡ ብሕማቕ ዘረባ ቀልጢፎምዘይሓርቁ ወይ ዝጻወሩ ኢዮም።

ሓደ መዓልቲ ካብቲ ኣብ ዓራርብ ዝነበረ ማእከላይ ሕክምና፡ ንናቕፋ ገጽና ክይድ ሓዲርና፡ ኣብ ሂምጥል ክንውዕል ካብ ማይን ወሪድና፡ መግብን መደቀስን ክህቡና ናብቶም ኣብ ምውፋር ሂምጥል ዝነበሩ ኣባላት ፍሉይ ጉዳይ ኣምሪሕና። ቁጽርና ብዝሕ ኢሉ ስለ ዝነበረ፡ ዝኣክል ኣይሃቡናን። ንጉሆ ንምሳሕ ደሊና ምስ ተማላስናዮምውን ሚሉሰም ዘዕግብ ኣይነበረን። ሰለስተ ሰብ ግን ዳርጋ ናብ ህልኽ ኣቲና እና ተማላለስና ልቦም ኣጥፊእናሎም። ኣብ መወዳእታ ግን እቶም ክልተ ኣብኡ ዝተላለኹዎም ብጾት ስሙጠቒሶም *“እገሌ ጸውዑልና!”* በሉዎም። ተጠቃሲ ሰብ መጺኡ ነቶምኣብኡ ዝነበሩ ኣባላት ፍሉይ ጉዳይ ሕሹኽ ኢሉዎም። ሽዑ እንታይ ከምዝሓሰቡ ኣይፈልጥን፡ ኩሉ’ቲ ክርከብ ዝከኣል ማለት ሓርጭ ሽኮር፡ ጸባ ወዘተ እኹል ሂቦሙና። ሓዊ ኣጒድና፡ ቅጫሰንኪትና፡ ጸባና እናበጽበጽና ጽቡቕ መዓልቲ ውዒልና። እቶምሰለስተ ተግደልቲ፡ ኣብ ልዕሊ’ቶምኣባላት ፍሉይ ጉዳይ ተኻቲዕና ብዘመዝገብናዮ “ዓወት” ፍጹምተሓጒስና። ቅድሚኡ ዘይንፋለጥ’ኳ እንተኾንና፡ በቲ ሽዑ ንጉሆ ዘመዝገብናይ “ዓወት” ግን ፍሉይ ዕርክነት ማስሪትና።

ከባቢ ሰዓት ኣርባዕተ ድሕሪ ቀትሪ ኣቢሉ፡ ሜሬት ዝሕል ምስ በለ፡ ማይን ቅድሚ ምምጽኣን ክንናፈስ ብእኡ ኣቢልና ከኣ ክነፋኹስ፡ ሰለስተና እናዕለልና ርሕቕ ኢልና ንወጽእ። እቶምክልተ ብጾት ዝማላለስዎ ዝነበሩ ዕላል ግን ንዓይ ፍጹም ዝርደኣኒ ኣይነበረን። ኣስማት ሜራሕቲ፡ ክሳብ በዓል ሸሪፎ ዘለዉዎምኣባላት ፖለቲካዊ ቤት-ጽሕፈት እናልዓሉ *“ንሱ እ’ኳ’ኢዩ ከምዚ ዝገበረ! ብሰንኩ እ’ኳ’ኢዩ ከምዚ ኮይኑ . . .!”* ክብሉ ጀሚሩ። ናተይ ዓለምካብታ ዝነበርኩዋ ጋንታ ወይ ሓይሊ ዘይትሓልፍ ክንሳ፡ ንሳቶም ‘ከመይ ገይሮምኣስማት ናይቶም ከምኣሜልኽቲ ኣብ ጽሑፍ ጥራይ እነንብቦ ሰባት፡ ክሳብ ክንድዚ ክፈልጡክኢሎም ፍጹምክርድኣኒ ኣይከኣለን። ዕላሎምኣዝዩ ኢዩ ስሒቡኒ። ወዲ ገርሂ ልባ፡ ስቕ ኢለ ኣብ ክንዲ ዝሰምዕ፡ ኣብ መንጎ ዕላሎም ኣትየ *“ከመይ ጌርኩም ነዚ ኩሉ ክትፈልጡ ኪኢልኩም?”* ክብል ድቦላ ሕቶ ደርበኹሎም። ነንሕድሕዶም ድሕሪ ምጥምማት፡ ገለ

ቃላት ተለዋዊጦም፡ ምናልባት ኣባላት ሰልፊ ዝጥቀምሉ መፍለዪ ኮድ ክኸውን ይኽእል። ንዓይ ግን ኩሉ ሕንቂል-ሕንቂሊተይ ኢዩ ነይሩ። ሽዓ ንሽዓ ድማምስቶም ተዓራሪኽዮምዝወዓልኩ ክልተ ብጾት ተፈላሊና። ክንሽይን ኢልና ፋሕ ምስ በልና፡ ንሳቶም ተጠውዮም ከም ብሓድሽ ተራኺቦም ዕላሎም ቀጺሎም፡ ኣነ ንበይነ ይ፡ ንሳቶምክልቲኦም ክልተ ጉጅለ ኮይንና - ናብ ማዕገሲና ተማሊስና። እታ ንጉሆ ዝጀመረት ዕርክነትና'ውን ንምሸቱ ላሕሊሓ። ከማይ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግምባር ክንሶም ብዛዕባ'ቲ ዘዕልልዎ ዝነበሩ ዋላ ሓንቲ እንዶ ዘይነበረኒ ምኺኑ ግን ንሽዑ ብዙሕ ክሓስብ ጀሚረ። እቶምኣብ ድፋዕ ዘለዉ ደቂ ኣሃዱየይ ከማይ ስለ ዝነበሩ ግን ንዘረባ ናይቶምክልተ ቦጾት ካብ ሓንጎለይ ክሓኮ ወሲነ። በሰላታቱ ግን ፈጺሙክጠፍኣለይ ኣይከኣለን።

ሰልፊ ምንባራ ምስ ተነግረኒ ግን፡ እዞም ክልተ ብጾት ኣባላት ናይታ ኣነ ዘይፈልጣ ሕብእቲ ሰልፊ ምንባሮም እግምት። እቲ ካብ ፍሉይ ጉዳይ 'ተቛይቒና ዘምጻእናዮ' ዝማሳለኒ ስንቂ'ውን፡ መን ይፈልጥ- እቲ ተጸዊዑ ዝመጸ ሰብ ንሳቶም ዝፈልጥዎ ኣባሎምዝነበረ'ሞ ንዕኦም(ንኣባላቱ) ንምሕጓስ ዝሃበና ከኸውን ከም ዝኽእል እግምት። ሳዕቤን ናይቲ ኣብ ሓደ ዓቢ ውዳቤ ዝህልው ካልእ ስዉር ውዳቤ ድማእዚ ኢዩ። <u>"ዝኣመንካዮ ኣይጥለምካ!!"</u> ድዮምዝበሉ ቀዳሞት!!!

ካብዚ ክብ ኢለ ዝገለጽኩዎ ክልተ ኣጋጣሚታት ክገልጾ ዝደሊ ነገር እንተልዩ፡ ብሰንኪ'ታ ኣብቲ ውድብ ተሓቢኣ ዝነበረት ንእሽቶ ፍጥረት፡ ኣብቶም ብዘይካ ብጻያዊ ሓልዮትን ፍቕርን፡ ክቱር ሃገራዊ ዕላማን ዝኾነ ክፍኣትን ተንኮልን ዘይነበረና ተጋደልቲ፡ ከምዚ ዝበለ ምጥርጣራትን ተንኮላትን የጋጥማ ምንባሩ ኢዩ።

<u>**መደምደምታ፡ -**</u>

ካብ ኩሉዚ ክብ ኢለ ዝገለጽኩዎ ሚዳእታ እምባኣር፡ **ውሽጣዊት ሕብእቲ ሰልፊ፡ ከም ትካል - ንህዝባዊ ግምባር መሪሓቶ ዘይኮነት - ቀቲላቶ ኢያ። እትመርሕ ፖለቲካዊት ኣካል ዘይኮነት - እትጩውን እትቐትልን ናይ ውልቀ-ሰብ ናይ ስላያ ትካል ኢያ ነይራ። ናጽነት ኤርትራ ዘረጋገጸት ዘይኮነት፡ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ብደምን ማስዋእትን ደቁ ዝተረጋገጸ ሃገራዊ ናጽነት፡ ናብ ብርሰትን ባርነትን ዝለወጠት ግናይ ፍጥረት ኢያ። በብግዜኡ ንዝተቐልቀሉ ጀጋኑን ተባዓት ሃገራውያንን ቀንጺላ፡ ስልጣን ውልቀ-ሰብ ዘረጋገጸት ትካል ኢያ። ምሁር ዓቕሚ ህዝባዊ ግምባር በሊዓን ኣጽኒታን፡ ብምእዙዛትን ኣገልገልትን (ከም ባሮት ዝተባህሉዎ ጥራይ ብዝገብሩ ፈራሓት) ከም ዝትክኡ ዝገበረት ናይ ፈራሓት ባዶ**

**እኵብ ኢያ ዝነበረት። ነዚ ኩኩ ከኣ ተሓቢኣን ተጸናትያን እምበር፡ ኣብ ቃልዕ ተማኵታን ረቲዓን ኣእሚፍን ኣይገበረቶን።**

ኣዳዕዲዐ ብምሉእ ርእሰ ምትእምማን ዝዘረበ ነገር እንተልዩ፡ ህዝባዊ ሓይልታት፡ ኣብ እዋኑ ውድባዊ ጉባኤ እንተ ዝገብር፡ ዋላ እቲ ድሒሩ ኣብ 1977 ዓ.ምዝተገብረ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ፡ ነጻን ክፉትን እንተ ዝነብር፡ እቶምሽዑ ዝተመርጹ ምእዙዛት መራሕቲ፡ ኣይምረኣናዮምን። ህዝባዊ ግምባር ድማ ካብ ኣመራርሓኡ ጀሚሩ፡ ክሳብ ኣተኣላልያ ኲናትን ሓይሊ ሰቡን፡ ካልእ መልክዕ ምሃለዎ። እዚ ሎሚ እንርእዮ ዘሎና ምልኪ’ውን ኣይምሃለወን፡ ብውሑዱ ህዝቢ ኣይምተበተነ ን።

ሕብእቲ ሰልፊ እምበኣር፡ ተባዓትን ቅኑዓትን ተጋደልቲ፡ ቀዳሞት ጸላእታ ኢዮም። ብኣንጻሩ ገርሀኛታትን ብዙሕ ዘይተማህሩን ተጋደልቲ፡ ንኣባልነት ትሓሪ። ኣንቢቦምን ጽሒፎምን ዝኽእሉ፡ ግን ከኣ ብዘይ ገለ ሕቶ ትእዛዝ ዝፍጽሙ ናይ **ከተማ በጋሚዶታት** ዝነበሩ ሰባት ንመሪሕነት ትመርጽ። ቅኑዕ ይኹን ጌጋ፡ ትእዛዝ ጥራይ ስለ ዝፈጸሙዝኾርዑን ዝሕበኑን ተጋደልቲ ሃሰስ ትብል። ላዕለዎት ኣዘዝታ፡ ጸላኢ ስለ ዝቐተሉ ዘይኮነ ስ፡ ኣጸልሚቶም ጀጋኑ ኣሕዋቶምስለ ዝቐንጸሉ ጥራይ፡ ንነብሶም- ናብ ጀጋኑ ዝቐየሩ ምክሉያት ኢዮም።

**ተሓታቲት ናይ ኩሉ’ቲ ኣብ ህዝባዊ ግምባር ዝተፈጸመጭዉያን ቅትለትን፡ ንሳ እያ ሕብእቲ ሰልፊ ኢያ። ተጋዳላይ ተኻቲዑን ተመኻኺሩን ኣሰራርሕኡ ከምዘየዐሪ ዝገበረት፡ ምሁር ዓቕሚሰውራ ዘጽነተት፡ ሰባት ዝደሃለት፡ ሰውራ ንኽምጡጥ ድርዒ ውልቀ-ሰብ ዝኾነት፡ ትካላዊ ኣሰራርሓ ዘዕነወት፡ ኣሕዋት ኣባኢሳ ጽልኢ ዘሰወረት፡ ሓባራዊ ስራሕን ተሓታትነትን ዘጥፈአት፡ ንሳ እያ ሕብእቲ ሰልፊ ኢያ። ተሓታቲት ናይ ኩሉ ኣብ ህዝባዊ ግምባር ዘጋጠመፖለቲካዊ ፍሽለታት’ውን ንሳ ኢያ።**

እቲ ዘሕዝን ካብ ኣመራርጸኦምጀሚርካ ዝበዝሑኣባልታነዚ ዝርድኡ ኣይነበሩን። ንሳቶም ንኹሉ ዝመጾም ትእዛዛት “ምእንቲ ሃገርን ሃገራዊ ረብሓን” ኢዮም ዝገብርዎ ዝነበሩ። እዚኣቶምኣዝዩ ውሑድ ሓለፋ ዝነበሮምይማስሎምኒ እንተ ነበረ፡ ሜዕረ ኩሉ ኣባል ናይቲ ግምባር ህይወቶምከይበቐቑ ተወፊዮምኢዮም። እዚኣቶምተግበርትን ተለኣኣኽትን እምበር ሃንደስትን ቀየስትን ናይቲ ዕንወት ስለ ዘይነበሩ፡ ብወገነይ ገበነኛታት ኣይገበሮም ኢየ። ቅኑዕ ማኪሎዎም ዝገበርዎ ስለ ዝነበረ ድማ በቲ ኣሰራርሓ ዘይሕጉሳት እምበር፡ ተጣበቕቲ ኣይኮኑን።

ሕጂ’ውን ውሽጣዊት ሰልፊ **ሰልያትናን ቀቲላትናን እምበር - ኣይሞርሓትናን።** **ተሪኽና - ታሪኽ ማላእ ህዝብን ተጋዳላይን** ኢዩ። **ታሪኽ ህዝባዊ ግምባር’ውን፡ ታሪኽ ናይቶም ርእሶም ኣቕኒዖም ዝተዋግኡን፡ ኣብ ቃልዕ ዝሞቱን ኢዩ።** ኤርትራዊ ሃገራዊ ናጽነት ድማ **ህያብ ዝፈሰሰ ደምናን ማስዋእቲ ማላእ ህዝብናን** እምበር፡ ከምቲ ታሪኽ ክጨውዩ ዝፍትኑ ሰባት ዝደጋግምዎ ዘለዉ፡ ህያብ ናይ ሓደ ጉጅለ ወይ ናይ ሕቡኣንን ሜሕሾኽሾኽትን ኣይኮነን።

<u>**ታደሰ ኪዳነ**</u>
<u>**በርሚንግሃም**</u>